# ሰንሰለት ህግደፍ፡ ልሕጺ ዕፉን ኮይኑ!

ካብ ተሳታፊ ሰላማዊ ሰልፊ፡ ዋሽንግቶን ዲሲ
ጥቅምቲ 30፡ 2006

ድሓን ኩኒ ፍርሒ፡
ድሓን ዓሊ ራዕዲ፣
ተሳዒሩ ናይ ሓሶት ሕዛእቲ
ተደፊሩ ናይ ተንኮል በዓቲ!

“ንኩሉ ግዜ ኣለዎ!”
ዝተባህለስ ለካ፡
ከምዚ ምስ ኮነ ኢዩ
ብግብሪ፡ ብዓይንኻ
መድረኽ ክቀያየር ምስ ረኣኻ!

በብሓደ፡
በብክልተ፡
ካብ ዳስ ህግደፍ ሰብ ጸረረ
በብሓደ፡
በብክልተ፡
ገደና ቅንዕና ክዕምር ጀመረ!

ኣቤት እወ፡
ሓምያን ህግደፍ፡
መዓት ከዝንቡልና፡ ሓሶት ክዋጥዩ
ሰብ ጽቡቕ ሕልና፡
መስተርሆት ከምጽኡ፡ ሰናይ ክዝትዩ፣
ደበና ቅንዕና፡ ዘምብዩ ዘምብዩ
ዘድመዓሉ ቦታ፡ ዝሕሾ ኣለልዩ
ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ጀለምታ ጀሚሩ
በብቑሩብ ነጥቢ ማይ ዓቘሩ፡
ከባቢኡ ፍሒሩ ፍሒሩ፡
ድሩቕ ንከጥልል፡ ናብ ጎልጎል ጸሪሩ!

ቅንዩ ኢሉ ድማ፡
ደበና ቅንዕና፡ ሰሜን ተሓምቢቡ
ብየማን ብጸጋም ኣሕዋት ኣኻኺቡ
ቅኑዕ ጠራኒፉ፡ እንግድዓ ደሪቡ
ሃገር ኣመሪካ፡ ብምብራቕ ሰሪቡ፡
ሎሚ መዓልቲ፡
ጥቅምቲ 30፡
ኣብ መደበር ዓለም፡ ኣብ ዲሱ ዘኒቡ!

ድሓን ኩኒ ፍርሒ
ድሓን ዓሊ ራዕዲ፣
ተሳዒሩ ናይ ሓሶት ሕዛእቲ
ተደፊሩ ናይ ተንኮል በዓቲ!

ኣየው!
በቲ መንእሰይ፡ በቲ ሽማግለ
ብየማን ብጸጋም ምስ ተጸናበረ፣
ከም ክልተ ደበና ትግጭው ኣቢሉ
ማሕታ በርቂ ምሊሕ ምሊሕ ኢሉ
ነጎዳ ውጹዓት፡ ክረምቲ ኣበሲሩ!

ዕልል፡
ዕልል እው ዕልል፡
በብቁሩብ፡ ሓጋይ ኣካሒዳ
ብጽድያ ርትዒ፡ ከይዳ ተጎኒጻ፣
በብቑሩብ፡ ርእሲ ኩናት ፍትሒ
ክትበስያ ጀሚራ፡ ንናይ ዓመጽ ከውሒ!

ጽን በል ዕዉር፡ ጸማም ኣቃምቶ
መስተርሆት ክረክብ፡ ኣርዑት ዝኸበዶ
ክሓልፈሉ መግዛእቲ ዘዋረዶ
ይሸብብ ኣሎ ንፋስ ቅኑዕ ባይቶ!

ንዓ ኣይፋልካን፡
ንዓ ጸማም ጠምት፡
ከንፈር ኣንብብ፡ ብጥንቃቐ ኣቃምት
ንትዕዝብቲ፡ ወሸኽሉ ግምት!

ንዓ ድማ ዕዉር፡
ንዓ ሓወይ ጽን በል፡
ኣይትሃውትት፡ ኣይትበል ደምበርበር
ከይትጸድፍ እው ከይትስበር
ኣንፈት ኣለሊኻ፡ ምስ ሰብካ ተጸምበር!

ብባህጊ ቅኑዓት
ብሓቦ ተባዓት
ብስኒት ውጹዓት
ብሓድነት ኣሕዋት፣
ከይዳ፡
ከይዳ ምሳር ተንኮል፡ ሞሊቿ ለዓታ
ተበሲዓ፡
ተተርቢዓ፡
ኣንጠጥያ ከይዳ፡
ስርኤል ዓምበርበብ፡ ፈሪሳ በዓታ!

መድረኽ ተቐይሩ፡
ዘበን ምድንጋር፡ ከይዱ ተሳዒሩ

ዓመታት ዕሸነት፣ ከይዱ ተሰጊሩ
ኣሕዋት ካብትን ካብትን ሳላ ዝሰመሩ
ስለ ፍትሕን ርትዕን ስለ ዝዘመሩ
ሰንሰለት ህግደፍ፣ ልሕጺ ዕፉን ኮይኑ
ከም ኣረጊት ጨርቂ፣ በጠጥ በጠጥ ኢሉ!

ደጊም እንታይ ተሪፉ
ዘበነ ዕሸነት እንድሕሪ ተሓሊፉ፣
ሓፋሽ ደም ክነብዕ፣ ዝሰሓቐ
ንዕሸላት ኤረ፣ ዝደሰቐ
ሹመኛ ህግደፍ፣ ከም ኣባል ኢሰፓ
ኢዱ ዝረኽበላ፣ መዓልቲ ቀሪባ!

ዋሽንግቶን ዲሲ
ጥቅምቲ 30፣ 2006